# ብዛዕባ ፓክስሎቪድ ክንፈልጦ ዝግባኣና

## እንታይነት ፓክስሎቪድ?

ፓክስሎቪድ ብሕማም ኮቪድ-19 ከይንጥቃዕ ዝከላከለልና ፈውሲ እዩ።

ናይ ክልተ ኣፋውስ (ኒርማትረልቪርን ሪቶናቪርን) ሕዋስ ኮይኑ፣ ክልቲኦም ብሓባር ሕማማ ኮቪድ-19 ኣብ ውሽጢ ነብስና ከይላባዕ ይገብር።

ፓክስሎቪድ ምልክታት ለበዳ ኮቪድ-19 ከይጋደድ ብምግባር ናብ ሆስፒታል ምካድ ከየድልይና ክንሓውይ ናይምግባር ተክእሎ ኣለዎ።

**ፓክስሎቪድ ካብ ሕማማ ኮቪድ-19 ዝከላከል ፈውሲ ኣይኮነን። ፓክስሎቪድ መትካእታ ክታበት ኮቪድ-19 ውን ኣይኮነን።እቲ ዝበለጸ መከላከሊ ኣንጻር ኮቪድ-19 በብእዋኑ ክውሰድ ዝግባእ ክታበት ተከታቲልካ ምውሳድ እዩ።**

## ፈውሲ ፓክስሎቪድ መን ክወስዶ ይግባእ?

ከም ሳዕቤን ሕማም ኮቪድ-19 ኣብ ከቢድ ሕማም ዘሎ ሰብ ፓክስሎቪድ ክወስድ ይክእል እዩ። ምልክታት እቲ ሕማም ካብዝተራእየሉ ኣብ ውሽጢ 5 መዓልታት ፓክስሎቪድ ክውሰድ ይግባእ።

ሓደ ሰብ ብጽኑዕ ሓሚሙ ኣብ ሓደጋ ኣሎ ዘብሎ ኩነታት ጥዕናኡ/ኣ፣ ዕድመን ክታበት ኣወሳድዳን መሰረት ዝገበረ እዩ።

ናብ ኣገልግሎት ሕክምና ዝህብ ትካል ብምኻድ ክብደትን ሓደጋን ናይቲ ሕማማ ክትፈልጥ/ጢ ትክእል/ሊ ኢኻ/ኺ። ከምኡ ውን በዚ ዝስዕብ ጥብቖ ወይ ሊንክ ኔርካ/ኪ ደረጃን ክብደትን ዝስማዕካ ሕማም ክትፈልጥ ትክእል/ሊ፥ **https://covid-19.ontario.ca/covid-treatment-screener**

ኣብ ዝስዕብ ኩነታት ዘለዎ ሰብ ከቢድ ሓደጋ እቲ ሕማም ዝንጸላልዎ እዩ ተባሂል ይውሰድ፥

- ✓ ደቂ 60 ዓመት ወይ ልዕሊኡ፣
- ✓ ልዕሊ 18 ዓመት ዕድመ ዝኾኑን ባሕርያዊ ናይ ምክልኻል ዓቕሚ ምጉዳል (ናይ ሕማም ምክልካል ዓቕሙሞም ብምክንያት ሕማም ወይ ሕክምና ዝተዳኸመ)፣
- ✓ ኣብ ክሊ ዕድመ 18 ክሳብ 59 ኮይኑ ሓደ ወ ካብ ሓደ ንላዕሊ ንሕማም ኮቪድ-19 ዘጋድድ ኩነታት ጥዕና ዘለዎ። እዘን ዝስዕባ ኩትነታት ጥዕና ዘለዎ ሰብ ንከቢድ ኮቪድ-19 ዝተቃልኤ እዩ፡
    - ካንሰር
    - ሕማም ሴረብሮቫስኩላር (ንኣብነት- ወቅዒ)
    - ሕማማ ኩሊት
    - ሕማማ ጸላም ከብዲ
    - ሕማማ ሰምቡእ
    - cystic fibrosis
    - ሕማማ ሽኮር
    - ስንክልና
    - ሕማማ ልቢ
    - ለበዳ ኤች ኣ ቪ
    - ውሱናት ዓይነት ኩንታት ጥዕና ኣእምሮ
    - ግዝፊ
    - ጥንሲን ሕርሲን
    - ምትኻክ ሽጋራ(ዝሰትን ዘቋረጸን)
    - ሕማም ዓሶ

**ንከቢድ ሕማማ ኮቪድ-19 ኩነታት ዝቃልዕ ኩነታት ዘልካ/ኪ ኮይኑ እንተተሰሚዑካ/ኪ ናብ ኣገልግሎት ጥዕና ዝህቡ ትካል ብምኻድ ምስ በዓል ሞያ ጥዕና ተመያየጥ/ጢ።**

## ኮቪድ-19 ዘለኒ ኮይኑ ይስማእኒ ኣሎ። ብኸመይ ፓክስሎቪድ ክረክብ እክእል?

ምልክታትካ እቲ ሕማም ኣብዚዝስዕብ ጥብቖ ኣቲኻ ከትረጋግጽ ትኽእል፥ **covid-19.ontario.ca/exposed#symptoms**

Ontario Health

ምልክታት ሕማም ኮቪድ-19 ሃልውካ/ኪ ብጽኑዕ ክትሓምም ተክእሎ እንተሎካ/ኪንነዚ ዝስዕብ ክትገብር/ሪ ትክእል/ሊ፧

- ናብ ፋርማሲ ምኻድ( መብዛሕትኦም ፋርማሲታት ፈውሲ ፓክሰልቪድ ይእዝዙ እዮም)
- ሓኪም ተርአ/ተርኣይ (ፋሚሊ ዶክተር ወይ ነርስ)
- ማእከል መርመራ ወይ ኮቪድ፣ ሰዓልን ጉንፋእን

## ፓክስሎቪድ ንምውሳድ መርመራ ኮቪድ-19 ክገብር ይግባእኒ ዲዩ?

ፈውሲ ፓክስሎቪድ ክወስድ ዝግብኦ ሰበ ኮቪድ-19 ተመርሚሩ ከምዝዎ ዝትረተጋገጸ እዩ። እቲ ዓይነት መርመራ ፒ ሲ ኣር(PCR )፣ ራፒድ ሞሎኪላር ቴስት (rapid molecular test) ወይ ውን

ከምኡ ውን Health811 ደዊልኩም ሕቶ ወይ ሓገዝ ክትሓቱ ትክእሉ ኢኹም። 811 ብምድዋል ወይ **ontario.ca/health811** ኣብዝብል ዌብሳይት ብምእታው ምስ ነርስ ብምጽሕሓፍ ክትዛረቡ ትክእሉ ኢኹም።

ብተወሳኺ እንተደሊኹም Health811 ብማንዛ(ቨርቹዋል) ናይ ምኽሪ ኣገልግሎት ይህብ እዩ።

**ምልክታት ሕማም ምስትርእዩ ቀልጢፍኩም በዓል ሞያ ኣገልግሎት ሕክምና ከተዘራርቡ ይግባእ።** ፓክስሎቪድ ብግቡእ ምእንቲ ክሰርሕ፣ ምልክት እቲ ሕማም ካብ ትርኣየሉ ኣብ ውሽጢ 5 መዓልታት ክውሰድ ኣለዎ።

እቲ ምልክታት ሕማም ብርቱዕ ምስ ዝኸውን 911 ምድዋል ወይ ውን ናብ ክፍሊ ሕጹጽ ረድኤት ምኻድ ይግባእ። ብርቱዕ ምልክታት ሕማም ነዚን ዝስዕባ የጠቓልል፧

- ናይ ምትንፋስ ጸገም
- ቃንዛ ኣፍልቢ
- ሃለዋት ምጥፋእ
- ጽልግልግ ምባል

## ብዛዕባ ፓክስሎቪድ በዓል ሞያ ሕክምና ኣብ ዘዘራርበሉ እዋን እንታይ ሓበሬታ ሒዘ ክቐርብ ይግባእኒ?

ናብ በዓል ሞያ ሕክምና ኣብትኸድሉ እዋን ነዘን ዛስዕባ ክትማልኡ ይግባእ፧

- ዝርዝር ኩሎም ትወስድዎን ዘለኹም ኣፋውስ፣ ብትእዛዝ ሓኪም ይኹን ካብ ፋርማሲ ብዘይትእዛዝ ሓኪም ዝግዛእ ኣፋውስ፣ ቫታሚናትን መመላእታ ቀመማዊ ኣፋውስ (ሀርባል ሳፕሊመንትስ)
- ዝርዝር ኩነታት ጥዕና
- ኣብ ቀረባ ኣዋን ዝተገበረ ቅዳሕ ወረቀት ደም መርመራ እንተሊውኩም

ቁጠዐ(ኣለርጂ)፣ ሕማም ኩሊት ወይ ጸላም ከብዲ፣ ጥንሲ፣ ተጥቡ ኣደ ወይ ሆርሞናዊ መከላኺ ጥንሲ (ኣብ ኣካላት ዝጥቃዕ ወይ ክኒና) ትወስዳ እንተኮንክን ንበዓል ሞያ ህክምና ክትነግርዎ እግባእ።

**መድሃኒት ፓክስሎቪድ ዝወስድ ሰብ ነቲ ሕማም ናብ ካልኡት ከመሓላልፍ ሰለዝኽእል ንጥዕና ህዝቢ ብዝምከት ንዝወጸ**

ራፒድ ኣንቲጅን (rapid antigen test ) እዩ (ዋላ ኣብ ገዛ ዝግበር መረመራ ተቀባልነት ኣለዎ)።

**ኮቪድ-19 ከምዘለካ ርግጽኛ ዋላ ኣይትኹን/ኒ ናብ በዓል ሞያ ሕክምና ኬድካ/ኪ ብዛዕባ ፓክስሎቪድ ክትሓትት/ቲ ትኽእል/ሊ ኢኻ/ኺ።** ክትምርመር/ሪ ምስትደሊ በዓሎም ክሕግዙኻ/ኺ ይክእሉ እዮም።

## ፈውሲ ፓክስሎቪድ ነጻ ዲዩ?

ፓክስሎቪድ በዓል ሞያ ሕክምና ዝእዝዞ ብዘይክፍሊት ብናጻ ዝዋሃብ ፈውሲ እዩ። ፓክስሎቪድ ክትዋህብ/ቢ ወረቀት ጥዕና ማለት ሄልዝ ካርድ ኣይድልይን እዩ።

## ፓክስሎቪድ ብኸመይ ይውሰድ?

ፓክስሎቪድ ኣብ መዓልቲ ክልተ ጊዜ ንሓሙሽተ መዓልታት ብኣፍ ዝውሰድ መድሃኒት እዩ።

ፓክስሎቪድ ብክልተ ዝተፈላለየ ባኮ ዝተዳለወ ኮይኑ ናይ ንግሆን ምሸትን ዝውሰድ እዩ። ነፍስወከፍ ዓቐን ወይ ዶዝ ክልተ ከኒና (ሮዛ ከኒና) ኒራማትረልቪርን ሓደ ከኒና ሪቶናቪር (ጻዓዳ ከኒና) ዝሓዘ እዩ።

ሕማም ኩሊቲ ዘለዎ ሰብ ዝወስዶ ዓቐን ክጎድል ይክእል።

ብሓንሳብ ሰለስት ከኒና ናይ ንግሆ ሰለስተ ከኒና ናይ ምሸት ንሓሙሽተ መዓልታት ክትወስድ/ዲ ይግባእ። ፓክስሎቪድ ቅድም ወይ ድሕር መግቢ ክውሰድ ይከኣል።

ምናልባት ፓክስሎቪድ ብምርሳዕ ኣብ ሰዓትካ/ኪ እንተዘይወሰድካ/ኪ ኣብ ውሽጢ ሸሞንተ ሰዓታታት ካብቲ ክትወስዶ ዝግባእክ/ኪ ጊዜ ክትወስዶ ትክእል/ሊ። ሸሞንተ ሰዓታት እንተሓሊፉ ግን ነቲ ዝቕጽል ዓቐን ኣብ ሰዓትካ/ኪ ውሰድ/ዲ። ኣብ ሓደ እዋን ናይ ክልተ ጊዜ ዓቐን (ሹድሽተ ከኒን) ኣይትውሰድ/ዲ።

መድሃኒት ፓክስሎቪድ ብመሰረት በዓል ሞያ ሕክምና ዝህቦ ኣገባብ ጥራይ ክውሰድ ይግባእ።

## ካልኡት ኣፋውስ እናወሰድኩ ፓክስሎቪድ ክወስድ እክእል ዶ?

ፓክስሎቪድ ምስ ዝበዝሓ በተደጋጋሚ ንጥቀመለን ኣፋውስ ተሳንዩ ክውሰድ ይከኣል እዩ። በዓልሞያ ጥዕና (ንኣብነት

**መምርሒታት ከኽብር ይግባእ።** ንጥዕና ህዝቢ ብዝምልከት ዝወጹ መምርሒታት ብዝመልከት ኣብዚ ጥቡቖ ወይ ሊንክ ኣትኻ/ኪ ከተንብብ/ቢ ትክእል/ሊ፥ **https://www.ontario.ca/page/public-measures-and-advice**

## ፓክስሎቪድ እንታይ ጎድናዊ ሳዕቤናት ክህልዎ ይኽእል?

ፓክስሎቪድ ዝወስድ ሰብ እዘን ዝስዕባ ጎድናዊ ሳዕቤናት ክጋጥሞ ይክእል፥

- መቐረት ኣፍ ምቕያር
- ውጽኣት
- ምውሳኽ ጽቕጢ ደም
- ቃንዛ ጭዋዳታት
- ቅርጸት ከብዲ
- ዕግርግር
- ሓፈሻዊ ስምዒት ሕማም

ካብዚ ኣብ ላዕሊ ዝተዘረዘረ ወጻኢ ካልኡት ጎዳናዊ ስምዒታት ከህልው ይክእሉ። እቲ ጎድናዊ ሳዕቤናት ዝርብሽ ምዝኽውን ወይ ውን ዘየቋርጽ ምስዝኸወን ንበዓልሞያ ህክምና ምንጋር የድል።

ካልኡት ሳሕቲ ዘጋጥሙ ጎድናዊ ሳዕቤናት ፓክስሎቪድ ፥

- **ምልክት ቁጥዐ (ኣለርጂ)** ምልክት ምሕኻክ ኣብ ቆርበት፣ ምውሓጥ ወይ ምትንፋስ ምስትጽገም/ሚ ፣ ሕበጥ ከንፈር፣ ገጽ ወይ መልሓስ፣ ምጽባብ ጎሮሮ ወይ ምቅያር ድምጺ ምስትርኢ/ኢ ምውሳድ መድሓኒት ፓክስሎቪድ ኣቋሪጽካ/ኪ ብቕልጡፍ ናብ ብዓል ሞያ ሕክምና ደውል።

- **ሕማማ ጸላም ከብዲ** ነዘን ዝስዕባ ምልክትታትን ስምዓታትን ሕማማ ጸላም ከብዲ ማለት ምብጫጭ ቆርበት ወይ ዓይኒ፣ ዘይልሙድ ጸሊም ሕብሩ ሽንቲ ፣ ቅድሚ ሕጂ ዘይነበረ ቃንዛ ብየማናይ ወገን ከስዐ ምስዘጋጥመካ/ኪ ተቀላጢፍካ/ኪ ናብ በዓል ሞያ ሕክምና ደውል/ሊ።

**ተጻዋርነት መድሓኒት ኤች ኣይ ቪ** ዘይተፈወሰ ናይ ኤች ኣይ ቪ ሕማም ምስዝህልወካ፣ ፓክስሎቪድ እተን ኣፋውስ ብግቡእ ከይሰርሓ ኪገብረን ተክእሎታት ኣለዎ።

ፋርማሲስት) ነተን ካልኦት ትወስዶን/ትወስዲዮን ኣፋውስ ለውጢ ብምግባር ብዘይ ሳዕቤን ፓክስሎቪድ ክትወስድ/ዲ ይክኣል እዩ።

ፓክስሎቪድ ጥንሲ ንምክልካል ኣብ ዝውሰድ ከኒና ኣሉታዊ ሳዕቤን ክህልዎ ተክእሎ ኣለዎ። ስለዚ ፓክስሎቪድ ኣብ ዝውሰደሉ እውን ካልእ ዓይነት መከላከሊ ጥኒስ ምጥቃም (ንኣብነት ኮንዶም ወይ ምሕራም) ይግባእ።

## ምልክታት ሕምም ኮቪድ-19 እናገደድ እንተኸይዱ እንታይ ክገብር እግባእ?

ድሕሪ ሓሙሽተ መዓልታት ኩነታት ጥዕናኻ/ኺ እንተዘይተመሓይሹ ወይ ውን እናገደድ እንተኸይዱ ናብ በዓልሞያ ሕክምና ክትከይድን/ክትከዲን ክትነግርን/ክትነግሪን ይግባእ።

እቲ ምልክታት ሕማም ብርቱዕ ምስ ዝኸወን 911 ምድዋል ወይ ውን ናብ ክፍሊ ህጹጽ ረድኤት ምኻድ ይግባእ። ብርቱዕ ምልክታት ሕማም ነዘን ዝስዕባ የጠቓልል፥

- ናይ ምትንፋስ ጸገም
- ቃንዛ ኣፍልቢ
- ሃለዋት ምጥፋእ
- ጽልግልግ

እዚ ሓበሬታ ክሳብ ጥሪ 2023 ኣብ ዘሎ ጊዜ ተማሓይሹ ዝቀረበ እዩ።

እዚ ሓበሬታ ብካልእ ኣገባብ ወይ ኣቀራርብ ክቐርብ ትደልዩ ዶ?

1-877-280-8538, TTY 1-800-855-0511

Publication No. 301229 (Tigrinya)
ISBN No. 978-1-4868-6860-5 (PDF)
© King’s Printer for Ontario, 2023